ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፈን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

Eritrean Orthodox Tewahdo
MedhanieAlem kerk
Amstelveen -Amstelland
Holland.

6 ሚያዝያ 2012 ዓ.ም.ግ.
14 ሚያዝያ 2020 ዓ.ም.ፈ.
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2012-232

በስመኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፥ ኣብ ጊዜ ሕማማት፡ ኣብ ቤተክርስትያንና ዝተቐየረ መደብ ሰዓትታት ጸሎትን ስግዳንን፣ ምብዓል ፋሲካን 2012 ዓ.ም.ግ.፥

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፈን-ኣምስተልላንድ፡

ብመጀመርታ ነቲ ልዑል ባህርይ ዝኾነ እግዚኣብሔር ኣምላኽና፡ ክሳብ እዛ እዋን እዚኣ ዘጽነሓና ዝለዓለ ምስጋና ይብጻሓዮ። ኣስዒብና ከኣ ንኩልኹም ምእመናንን ምእመናትን እዛ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤትክርስትያንና፡ ኣብ ህይወትኩም ምሉእ ጥዕና ኣብ ሥራሓትኩም ከኣ ኣሳልጦ ንምነየልኩም። ብርሃነ ትንሳኤኡ መድሓኔዓለም ብሰላም የብጽሓና።

ካብ'ዚ ቀጺልና፡ ኣብ ዝሓለፈ መልእኽትና መደባትና፡ ብሰንኪ ዘሎ ኩነታት ምኽንያት ይቀያየር ከም ዘሎ ሓቢርና ኔርና። ስለዝኾነ ከኣ እዞም ዝስዕቡ መደባት ኣመልኪትና ኣገዳሲ ሐበሬታ ነመሓላልፈልኩም፥

1- ኣብ ጊዜ **ሕማማት ረቡዕን ዓርቢን**፡ ካብ ሰዓት **11:00 ንጉሆ ክሳብ 16:00 (ክሳብ ሰዓት 4 ድሕሪ ቀትሪ.)** ኣብ ዘለኹሞ ኩንኩም፡ ብቐጥታ ብFacebook ካብ ቤተክርስትያንና ዝመሓላለፍ ጸሎትን ስግዳንን፡ ክትከታተሉ ክንሕብረኩም ንፈቱ፣
2- ኣብ ጊዜ **ሕማማት ሓሙስ ጽግቦ**፡ ካብ ሰዓት **11:00 ክሳብ 17:00 (ክሳብ ሰዓት 5 ድሕሪ ቀትሪ.)** ኣብ ዘለኹሞ ኩንኩም፡ ብቐጥታ ብFacebook ካብ ቤተክርስትያንና ዝመሓላለፍ ጸሎትን ስግዳንን፡ ክትከታተሉ ክንሕብረኩም ንፈቱ፣
3- ኣብ በዓል ፋሲካ እውን ጸሎት ክህልወና ኢዩ። እዚ'ውን ኣብ ዘዘሎናዮ ቦታ ኰይንና እንከታተሎ ኰይኑ፡ **ቀዳም ስዑር ካብ ሰዓት 21:00 (ካብ ሰዓት ትሸዓተ ምሸት፡ ክሳብ ሰዓት 2:00 ወጋሕታ/ሰንበት/.)** ክመሓላለፍ ኢዩ።

**መተሓሳሰቢ፥**

- በዓለ ሕማማትን ፋሲካን፡ ብሰንኪ እዚ ተኸሲቱ ዘሎ ኩነታት፡ ከም ቀደምና ብሓባር ኣብ ቤተክርስትያና ከነካይድ ከም ዘይንኽእል ዳግም እንዳሓበርና፡ እቲ ጸሎት ብውሱናት ኣገልገልቲ ከካይድ ኢዩ ተፈቒዱልና ዘሎ'ሞ፡ ኣገልገልቲ ካህናትን ዲያቆናትን'ውን ኣብ ዘዘለኹሞ ኩንኩም ብጸሎት ሓግዙና። ሕጊ/ውዕል ስለ ዝግድደና፡ ዝመጸ ሰብ ኣብ ቤተክርስትያን ከም ዘይኣቱ ነፍልጥ።
- ብምቕጻል ነዚ እነመሓላልፎ ዘሎና ሓበሬታ፡ ዘይሰምዐ ሰብ ምእንቲ ክሰምዖ፡ ክትሕብሩ'ውን ንላበወኩም።
- ብተወሳኺ ከኣ ኣብ ትሕቲ እግዚኣብሔር፡ ንጥዕናና ዝምልከት ሓካይምን መንግሥታዊ ትካላትን ዘመሓላልፉዎ ዕላዊ ሓበሬታትን መምርሒታትን፡ ንጠቕምና ስለዝኾነ ብግቡእ ክትጥቀመሉ ደጋጊምና ንላበወኩም።

**ንሓበሬታኹም፥**

- ቤተክርስትያን ደብረሰላም መድሓኔዓለም ብYoutube ጸሎት የመሓላልፍ ከም ዘሎ ክነዘኻኽረኩም ንፈቱ።
- ብFacebook ከኣ ብቀጥታ ጸሎትን ስግዳንን፡ ኣብ Debreselam Medhanie-alem Bietekrstyan Amstelveen-Amstelland Nederland ክትከታተሉ ክንሕብር ንፈቱ።

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

እግዚኣብሐር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቢተክርስትያንናን ይባርኸልናን ይዓቅበልናን

መልኣከ ሰላም ቀሺ ክብሮም ኪዳነ

ኣቦመንበር

ሰበኻ ጉባኤ ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም

*Het Kerkelijke bestuur*
Email:
debreselammedhaniealem@gmail.com
www.debreselam-medhaniealem.com
**Amstelveenseweg-965**
**1081 JG Amsterdam**
**Nederland**